Länsstyrelsen Värmland

Region Värmland

# ግዝረት ጓል ኣንስተይቲ

ኣብ ሃገር ሽወደን ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ፣ ብሕጊ 1982:316 ክልኩል እዩ። እቲ ሕጊ ከምዚ ይብል፦

1 § ካብ ግዳማዊ ጾታዊ መሳርዕ ጓል ኣንስተይቲ ቆሪጽካ ምልጋስ ወይ ኣብ ጾታዊ መሳርዕ ጓል ኣንስተይቲ ነባሪ ዝኾነ ለውጢ ንምምጻእ ዝውሰድ ስጉምቲ፣ ዋላ'ኳ እታ ጓል ኣንስተይቲ ንምግዛራ ፍቓዳ እንተ ሃበት፣ ብሕጊ 1998፡407 ዝተኣገደ እዩ።

2 § ንሕጊ ዓንቀጽ ቊ1 ዝጥሓሰ ክሳዕ 4 ዓመት ማእሰርቲ የፍርዶ። እቲ ምግዛር ሞት ወይ ጉድኣት እንተኣስዓበ ወይ ብጭካነ ምስ ዝትግበር፣ ከም ከቢድ ገበን ይቑጸር። ከቢድ ገበን ድማ፣ ካብ 2 ክሳዕ 10 ዓመት ማእሰርቲ ዘፍርድ እዩ። ናይ ምኽንሻብ ፈተነ ምግባር፣ ኣብ ናይ ምኽንሻብ ምድላዋት ተሓባባሪ ምዃን፣ ኣንጻር ሕጊ ምምሻጣር ወይ ገበን ተፈጺሙ ክነሱ ክትሓብእ ምፍታን፣ ብገበናዊ ሕጊ 1998፡407 ምዕራፍ 23 ብሓላፍነት ዘፍርድ እዩ።

3 § ብመሰረት እዚ ዝተጠቐሰ ሕጊ፣ ሓደ ሰብ ገበን እንተፈጺመ፣ ወንጀለኛ ሕጊ § 2 ዓንቀጽ 2 ወይ 3 ዘይምልከቶ ኮይኑ'ኳ እንተ መሰለ፣ ኣብ ሃገር ሽወደን ብፍርዲ የቕጽዖ እዩ።

SFS NR: 1982:316. DEPARTEMENT/MYNDIGHET: SOCIALDEPARTEMENTET.
UTFÄRDAD: 1982-05-27. ÄNDRAD: T.O.M. SFS 1999:267. ÄNDRINGSREGISTER: SFSR
KÄLLA: REGERINGSKANSLIET/LAGRUMMET ÖVERSÄTTNING TIGRIANSKA